# ፬ይ ሰንበት ዘትንሣኤ 2018 ዓ.ም

## ሚያዝያ 25 2018 ዓ.ም. ዓ.ም.(5/3/2026)

### ሰንበት ሕያዋይ ጓሳ

**መዝሙር**: ተንሥአ ወአንሥአ ኵሎ ሙታነ...ተንሢኡ ንዂሎም ሙታን አተንስኦም ካብ ኩሉ ሞቑሕ ማእሰርቶም ከአ ፈትሖም፥ ብዓቢይ ሓይልን ስልጣንን ንነፍሳት ጻድቃን ነጻ ገበረን፥ ንአልአዛር ተንሥአ በሎ ነቲ ዕዉር ከአ ብቃሉ ፈወሶ፥ ትንሣኤኡ አብ ሰንበት አብ ሳልሳይ መዓልቲ ገበሮ፥ ተንሢኡ ንዂሎም ሙታን አተንሥኦም፥ ተንሢኡ ንምቑሓት ፈትሖም።

**ንባባት፡** ቆላ 3፡111፥ ራእ 7፡14-17፥ ግ.ሓ. 13፡43-52፥ ዮሓ. 10፡27-30።

**ምስባክ፡** አንሰ ሰከብኩ ወነምኩ። ወተንሣእኩ እስመ እግዚአብሔር አንሥአኒ፥ እይፈርህ እም አእላፍ አሕዛብ። ተገምሰስኩን ደቀስኩን፥ እግዚአብሔር ስለ ዘተንሥአኒ ተንሣእኩ፥ ካብ አእላፋት አሕዛብ አይፈርህን እየ መዝ. 3፡5-6።

፬ይ ሰንበት ዘትንሣኤ ምልአት መንፈስ ትንሣኤ ለቢስና ክንርክብ ምእንቲ ኢየሱስ ተንሢኡ ንዂሎም ሙታን አተንሢኡ. . ካብ ሞቕሕ ፈትሖም፥ አብዚ ምድሪ እንከሎ ንትሣኤኡ ዝሕብር ብዙሕ ተአምራታት ከም ዝገበረ እና ጠቕሶ ይነግረና። ዝኸሪ ትንሣኤ ንግላዊ ሕይወትና ዝሕድስ ኮይኑ ደቂ አምላኽ ዘብለና ግብሪ ለቢስና ክነብር ከምዝግብእ ዘዘኻክር እዩ።

አብ ፬ይ ሰንበት ዘትንሣኤ ቤተ ክርስትያን ሰንበት ሕያዋይ ጓሳ ኢላ ምእንቲ አብ ክህነታዊ ሕይወት ጻዋዕታ ክበዝሕ ክንጽሊ ወሲናትልና አላ። ኢየሱስ ምእንቲ ጻዋዕታ ክንጽሊ ከም ዝግብአና ከምሀረና ኢሉ እኽሊ ብዙኅ እዩ ዓየይቲ ግና ውሑዳት እዮም፥ ስለዚ ነቲ ጎይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኪልእኽ ለምንዎ (ሉቃ 10፡2) ኢሉና። አብ አገልግሎት ህዝቢ አምላኽ ዝወፍሩ ዝህብ አምላኽ እዩ ምኽንያቱ ነቲ ግራት ዋንኡ አምላኽ ባዕሉ እዩ። አብ ግራቱ ዝዓዩ እሙናትን ትጉሃትን ክልእኽ ክንልምኖ ይግባእ። ግራት አምላኽ ብሃካይታን አታለልትን ክዕየ አይግብኦን እዩ።

ባህሪ ጓሳ ንመጓሰኡ ብኹሉንእአን ምምሳል እዩ፥ ምሕላው፥ አራዊት ከየጥቅዐን ከይ ጠምያ ከይ ጸምአ ከይሓማ ኮታ ብምሉእ አብ ትሕቲኡ ገሩ ዘድልየን ይገብረለን። ተልእኮ ጓሳ ህዝቢ እንታይ ከም ዝኾነ ክገልጽ እንከሎ ክሳብ ወሰን ምድሪ ንምድኃን ምእንቲ ኽትከውን ነሕዛብ ብርሃን ገበርኩኻ ኢሉ አዚዙና እዩ (ግ.ሓ. 13፡47) ይብል። ክርስትያናዊ ጉስነት ብርሃን ንኻልኦት ምኳን እዩ።

ቅ. መጽሓፍ ሓደ ካብቲ አስፊሑ ዝዛረበሉ ሓልዮት አምላኽ ብአምሳል ጓሳ ተገሊጹ ንረኽቦ። አብ ወንጌል ዮሓ 10 ብምልኡ ብዛዕባ ሕያዋይ ጓሳ ይዛረብ። አብ ሕዝ. 34፥ መዝ. 23፥ 80፡ 1፥ 100፡3፥ ዘፍ 49፡24፥ ኢሳ 40፡11፥ ግ.ሓ. 20፡28-29፥ 1ጴት 5፡2 . . . ዅሉ አምላኽ ጓሳ ከም ዝኾነ ይገልጽ።

ቅ. ጳውሎስ አብ መልእኽትታቱ ንመጓሰ አምላኽ ብዝርኢ ብዙሕ ጊዜ አትሪሩ ዝዛረበሉ ሓድነት እምነትን ፍቕርን ንዂሎም ክርስትያን ጠሚሩ ክሕዞም ከም ዝግባእ ይነግር። ኢየሱስ አብ ጸሎተ ኃሙስ ምእንቲ ሓድነት ስዓብቱ ጸልዩ ሓደ መጓሰ ክኾኑ። ኢየሱስ አብ መንጎና ከም ዘሎ ዝያዳ ዝገለጽ ሓደ ክንከውን እንከአሎና እዩ። ርአዩ እዞም ክርስትያን ክሳብ ክንደይ አብ ነንድሕዶም ይፋቐሩ ዝብል ካብቶም ንቀዳሞት ክርስትያን ዝተዓዘቡ ርክባቶም ርእዮም ዝበልዎ እዩ። ፍቕርን ሓድነትን ክልተ መሓውር ስብከተ ወንጌል እየን። ቅ. ጳውሎስ ብዛዕባ ሓድነት ክገልጽ እንከሎ

ሓድነት ክብሃል እንከሎ ብሓደ ምትእኽኻብ ማለት አይ ኮነን፥ ኵሎም አባላት ሓደ ዓይነት እዮም ማለት እውን አይ ኮነን። ዝተፈላለየ ደረጃን ሓላፍነትን ዝለበስና ኢና እዚ እዩ ንሓድነትና አብ ቅድሚ ካልኦት ፍሉይ ዝገብሮ። እዚ ዝተፈላለና ምኽና አብቲ ዝተፈላለየ ህያባት አምላኽ ዝተቐበልናዮ ዝተመስረተ እዩ። ህያባት አምላኽ እንብሎ ጸጋታት አምላኽ እዮም።

ቅ. ጳውሎስ ንቤተ ክርስትያን ብአምሳል ሰውነት ሰብ ይገልጻ (1ቆሮ 12፡12-ፍ)። ሰውነትና ብዝተፈላለዩ አካላት ውሽጣውን ግዳማውን አካላት ዝቆመ እዩ። ሓደ ሰውነት ብሓደ አካል ጥራሕ ዝቖመ አይኮነን። እቲ አካላት ንሓድሕዱ ምእንቲ ኺፃወር እምበር አብቲ ሰውነት ምፍልላይ ምእንቲ ኸይከውንሲ አምላኽ ነቲ ኽብሪ ዝጎደሎ አካል ዚበዝኅ ክብሪ እናሃበ ነቲ ሰብነት አጋጠሞ፥ ሓደ አካል እንተ ተሳቐየ ኩሉ እቲ አካላት ምስኡ ይሳቐ፥ ሓደ አካል እንተ ኸበረ ኸአ እቲ አካላት ምስኡ ይሕጎስ፥ እምብአርከስ ንስኻትኩም ሰብነት ክርስቶስ ኢኹም ነፍስ ወከፍኩም ከአ አካላቱ ኢኹም. . . ይብለና።

አብ ቤተ ክርስትያን እቶም አካላት እንብሎም እቶም ዝተፈላለየ ህያባት ዝተዋህቡ አባላት ቤተ ክርስትያን እዮም። ነፍስወከፍ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተፈላለየ ህያባት ዝተቐበልና ኢና። አብዚ ፍልልይ የብልናን ዘይተዋህበ የብልና። እቲ ሕቶ ዝተወሃብካዮ አለሊኻ ወይ ለቢስካ ምኽአል እዩ። ህያባት ክውሃቡና እንከለዉ አብ ሓደ ዝዓለሙ እዮም ንሱ ኸአ ንሰውነት ክርስቶስ ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ምህናጽ እዩ። ህያባት ንአይ ንግለይ ዝተዋህቡ ወላ እውን ቅዱስ ሰብ ኸውን ዝተዋህቡኒ አይ ኮኑን ንማሕበር ክርስቶስ ከገልግል እዮም ተዋሂቦምኒ።

ቅ. ጳውሎስ መምህርና አብ ፩ቆሮ12 ካብቶም ቀንዲ ህያባት ይጠቅስ አምላኽ ከአ አብታ ቤተ ክርስትያን መጀመርያ ሓዋርያት ካልአይ ነቢያት ሣልሳይ መምህራን ድኅር ተአምራት ዚገብሩ፥ ናይ ምፍዋስ ውህበት ዘለዎም ዚሕግዙ፥ ዘመኃድሩ፥ በብዓይነቱ ቋንቋታት ዚዛረቡ ሠርዐ ኵላቶም ሓዋርያት እዮም ኵላቶምዶ ነብያት እዮም ኵላቶምዶ መምህራን እዮም፥ ኵላቶምዶኸ ገበርቲ ተአምራት እዮም፥ ኵላቶምዶ ቋንቋታት ይዛረቡ እዮም ኵላቶምዶኸ ይትርጉሙ እዮም (፩ቆሮ 12:28-30) እናበለ ህያባት በብናቱ አብ ሓደ ዝዓለመ ግን ዝተፈላለየ ምኺኑ አብርሁ ይገልጸልና።

እንታይ እዩ ናተይ ህያብ?

ህያባ አምላኽ ዝተነግፎ የለን። አምላኽ ንነፍስወከፍና ፍሉይ ህያብ አብ ቤተ ክርስትያን ንአገልግሎት ክንጥቀመሉ ሂቡና አሎ፥ ንገለና መዘምራን ንገለና ሽማገለ ኮና ክንመርሕ ንገለና ብዘሎና ዓቕሚ ገንዘብን ንብረትን ክንሕግዝ ንገለ ኸአ ፍሉይ ጸሎት ክነዕርግ. . . ። አጸጊሙ ዘሎ ብግልና ህያብና አለሊና ወይ እውን ዘይንጥቀመሉ ኮና ክነብር ከሎና እዩ። እንታይ እዩ ህያበይ ኢልና ንርእስና ክንሓትት አድላዪ እዩ። አብ ቍምስናይ እንታይ አበርክት አሎኹ ሃናጺ ነገራት ድየ ዘመጽእ ዘሎኹ ክንብል አሎና። አብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ብኹሉ መዳያቱ ክንዋሳእ እዩ ጸዋዕታና። ካልኦት ዘበርክትዎን ዝገብርዎን ምንአድ ሓገዝ አይ ኮነን ኩልና በበቲ ዘሎናዮ ንዕብየት ማሕበር ክንወፍር አሎና።

ኵልና ጽዉዓት/ሕሩያት ኢና።

አብዚ ሰንበት ሕያዋይ ጓሳ መጀመርያ ክንሓስቦ ዘሎና ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ አብ ቅድሚ አምላኽ ንአገልግሎት ጽዉዕ ከምዝኾነ ምፍላጥ። እንታይ እዩ ጸዋዕታኻ/ኺ? እንታይ እዩ ፍሉይ ውህበትካ/ኪ? እንታይ አበርክቶ አሎካ/ኪ አብዚ ቤተ ክርስትያን፥ አብ ውሽጥን አብ ደገን ቤተ ክርስትያን እንታይ ተበርክት/ኪ? ኢልና ክንሓትት ከሎና ነቲ አምላኽ ዝሃበና ኢና እንሓትት ዘሎና። እዚ ክገብር እኽእል እንተ በልና ህያብና አለሊና አሎና ማለት እዩ።

ብርግጽ ሎሚ ዘኪርናዮ ዘሎና ብፍሉይ መገዲ ፍሉይ ጸሎት ምእንቲ እቶም አብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን አድላዪ ንዝኾነ ጸዋዕታዊ አገልግሎት ዝወፍሩ ክህበና ንማለት እዩ። አብ ቤተ

ክርስትያን ኣገልገልቲ የድልዩና ኣለዉ ብፍላይ ሎሚ ኣብ ኣገልሎት ተጸሚዶም ዝወፍሩ እናወሓዱ ይከዱ ኣለዉ። እቶም ኣብ ኣገልግሎት ወፊሮም ዘለዉ ውፉያትን ቅዱሳትን ኮይኖም ንመንግሰ ኣምላኽ ከምቲ ዝተዋህቦም ክንስዩ ክንሕግዞም ክንጽልየሎም እዩ ዘድሊ ዘሎ።

ጸሎትና ብዙሕ ጸዋዕታ ክርከብ ኣይ ኮነን ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ እዩ ነቶም ኣብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስትያን ዝወፍሩ ዝጽውዕ። እንጽልዮ እቶም ዝተጸውዑ ንመጸዋዕታ ኣምላኽ ከም ማርያም ኣደና ሕራይ ኢሎም ክኽእሉ እዩ።

ምእንቲ ካልኦት ጸዋዕታታት እውን ክንጽሊ ኣሎና።

ምእንቲ ጸዋዕታ ክህነትን ገዳማዊ ሕይወትን እናጸለና ዝግባእ ሓገዝና ነቶም ኣብ ዘርኣ ክህነትን ዘርኣ ምንኵስናን ዘለዉ እናኣወፈና ከሎና ምእንቲ ስድራታት ወለዲ ንውሉዳቶም ብግቡእ ኮስኲሶም ከዕብዩ ነቲ ኣምላኽ ዝሓቶም ከማልኡ ንደቆም ክሕግዙ ክንጽሊ ይግባእ። እዚ ንነፍሲ ወከፍ ወላዲ ዝምልከት እዩ፥ ንደቆም መገዲ ንጸዋዕታ ክህነት ክሕብሩን ክነግሩን ከም ዝግብኦም ክነግሮም። ብዙሓ ጊዜ ሰባት ደቆም ዘይ ኮነ ደቂ ካልኦት ወይ ካልኦት ዓለት ወይ ሕብረተሰብ ከገልግልዎም እምበር ንደቆም ወይ ኣይደልዩን ወይ ከኣ ኣይነግርዎም እዚ ግን መንፈስ ሓደ ክርስትያን ኣይ ኮነን።

ኣብዚ ሰንበት ጸሎትና ኣብ ክልተ ነገር ኣትኲርና ክንርእዮ ይግብኣና። ፩ያ ነፍሲ ወከፍና ኣብቲ ኣምላኽ ዝሃበና ጸዋዕታ ኣትኲርና ክነስተንትን ከመይ ገረ እየ ኣብታ ዂላዊት ማሕበር ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን ወይ ስድራይ ዝኾነት ቍምስናይ እጃመይ ዘበርክት ኢልና ክንሓስብ ይግባእና። ፪ይ ንኻልኦት መኸላእታ ጸዋዕትኦም ዘይኮነስ ከመይ ገሮም ንጸዋዕትኦም ክምልሹ ከም ዝግብኦም ክሕግዝ ኣሎኒ። ነቲ ኣምላኽ ብፍሉይ ዝሃቦም ጸጋ ርእዮም ክኽእሉ ሓገዘይ የድልዮም።

ኣብ ዘረባና ሎሚ ጸዋዕታ ውሒዱ ኢልና ንዛረብ ኢና እዚ ግን ቅኑዕ ኣዘራርባ ኣይ ኮነን ነፍስወከፍ መጸዋዕታ ኣሎና። ሎሚ ምእመናን ብዝያዳ ኣብ ሓዋርያዊ ተልእኮ ብዝያዳ ዘበርክቱሉ እዋን ኢና ዘሎና፥ ፍላይ ድሕሪ ፪ይ ጉባኤ ቫቲካን ተሳትፎ ምእመናን ኣብ ተልእኮ ስብከተ ወንጌል እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ዘጸግም ዘሎ ብዙኃት ብዛዕባ ጸዋዕትኦም ዘልኦም ኣፍልጦ ብዘይመጠን ድሩት እዩ፥ ወላ ዝፈልጡ እንተ ኾኑ ኸኣ ይምልሹ የለዉን።

ሎሚ ፍሉይ ጸሎት ክንገብር ይግብኣና ነፍሲወከፍና ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝንገረና መሊኽና ክንክእል፥ ነቲ ኣምላኽ ዝሓተና ዘሎ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ክንምልስ እሞ ዕዉት ተልእኮ ክንገብር። ተጊህና ንመጸዋዕታና ክንምልስ እንተ ኸኣልና ከመይ ዝበለት ማሕበር ክርስቶስ ክንምስርት ኢና።

ኦማርያም ኣደና ንስኺ ነቲ ብኣምላኽ ዝቐረበኪ መጸዋዕታ ዝመለስኪ ኢኺ እሞ ሎሚ ኣብ ጸዋዕታና ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ገርና ክንመርሕ ሓግዝና። ኣደ ሓዋርያት ኮንኪ ንቤተ ክርስትያን ዝመራሕኪ ሎሚ እውን ነቶም ሕይወቶም ምእንቲ ኣገልግሎት ስብከተ ወንጌል ሕይወቶም ዘወፍዩ ዘለዉ ጸግያም ኩኒ፥ ነቶም መጸዋዕታ ኣምላኽ ዝቐርቦም ከኣ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክምልሹ ጸጋ ወድኺ ለምንሎም ንበላ።

በብእዋኑ ንቤተ ክርስትያኑ ብቅድስና ተኣምኖን ዘገልግሉ ይጸግወና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ